# ሚካኤል ጋብር ንህዝቢ ብሊን
# ካብ ዝገደፎ ትምህርትን ምኽርን

ብወልደሱስ ዓማር

(8-9 ነሓሰ 2015)

ስወእ ሓውና ሚካኤል ጋብር ብ25 ግንቦት 1992 ብድንገት ካብ ዝፍለየና ድሮ 23 ዓመታት ሓሊፉ። ብህይወቱ ጸኒሑ ኣብዚ ናይ እስቶክሆልም ኮንፈረንስ እንተዝርከብ እንታይኮን መበርከተ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህሪያዊ ኢዩ።

ንስወእ ሚካኤል እፈልጦ ነይረ ዝብል ኩሉ ነናቱ ርእይቶ ክህብ ይኽእል። ብወገነይ: ምስ ስወእ ሚካኤል ን340 ዓመታት ጥቡቕ ርክብን ሕውነትን ስለዝነበረኒ: ንኣታሓሳስብኡን: ርእይቶታቱን ድልየታቱን ኣጸቢቐም ካብ ዝፈልጡ ኢየ ክብል እደፍር። ካብዚ ነቒለ'ውን ሎሚ ሚካኤል ጋብር ኣብዚ ኮንፈርንስ እዚ እንተዝነብር እንታይኮን መበርከተ ንእትብል ሕቶ መልሳ ዝፈልጣ ኰይኑ እስምዓኒ። ካልኦት ግዱሳት እውን ነቲ ቅኑዕ መልሲ: ጽሑፋት ስወእ ሚካኤል ጋብር ተወኪሶም ክረኽብዎ ቀሊል ይመስለኒ። ስወእ ሓውና ምኽሩን ትምህርቱን ኣብቲ ናብ ህዝቢ ብሊን ዘቕንዐ ጽሑፋቱ ገዲፉ ኢዩ ሓሊፉ። እሞ: እንታይ'ዩ እቲ ዝገደፎ ትምህርትን ምኽርን?

ብዘይካቲ ብፓንፍለት መልክዕን ደብዳቤታትን ዝገደፎ ሰነዳት: ኣብ ማሕተም ዝበጽሐ ጽሑፋቱ ሰለስተ ኢዩ። ንሱ ከኣ:

1. ሓጺር ታሪኽ ኤርትራ (ብትግርኛ)፣
2. ናይ ዩኒቨርሲቲ ቀዳማይ ዲግሪ መውዳቢት መጽናዕቱ ብእንግሊዝ: Bogos: 1849-1890 ብ1971 ተጻሒፉ፤ The Blin of Bogos ተባሂላ ብ1993 ብኣይ ኣብ ባቕዳድ/ዒራቕ ተሓቲማ፣
3. መበቈልን ሕብረተሰብኣዊ ርኽክብን ህዝቢ ብሊን: ብ1992 ተጻሒፉ: ብ1995 ብምትሕብባር ኣሕዋት ተኸላይ ዮውሃንስ ጸሃየ ክብሮም ኣብ ጀርመን ተሓቲማ።

1. ህዝቢ ብሊንን ኤርትራውነትን፣

ብባህሪኦም ህዝቢ ብሊን: ፈተውቲ ሰላም፣ ኣፍቀርቲ ጋሽኦምን ከባቢኦምን፣ ተሓባበርቲ ምስ ጐረባብቶም ምኳኖም እቲ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ ታሪኾምን ባህሪኦም የንጸባርቖ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ካብ ዝጅመር ኣትሒቶም ከኣ: ምስ ትግረን ትግርኛን ዝዛረቡ ወገናት: ምክብባር ሓድሕድ ዘየጕደለ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል እጃሞም ክበርክቱ ጸኒሖም። ሃገራዊ ኣበርክቶታት ስወእ ሚካልኤ ጋብር ሓደ ታሪኻዊ ኣብነት ናይዚ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ህዝቢ ብሊን ኢዩ።

ስዉእ ሚካኤል ኣብ ስደት ከይተረፈ: ካብ 1977 ጀሚሩ ክሳዕ ጊዜ መስዋእቱ: ነቶም ካብ ሃገር ወጺኦም ዝዓብዩ ወለዶ: ብኤርትራዊ መደብ ትምህርቲ (ካሪክለም) ክምሃሩ ተቓሊሱን ኣዓዊቱን። ሓጺር ታሪኽ ኤርትራ እተሰምየት መጽሓፉ ከኣ ንኤርትራዊ መንነትን ህዝባዊ ሓድነትን ንመንእሰይ ወለዶ ንምምሃር ዝደረሳ መጽሕፍ ኢያ። ክሳዕ ሎሚ እውን ኣብ ቤት ትምህርታት ምስራቕ ሱዳን ናይ ተመሃሮን መማህራንን መወከሲት መጽሓፍ ኰይና ቀጺላ ትርከበ። ቀዳማይ ትምህርቲ ስዉእ ሚካኤል እንበኣር: ንኤርትራዊ መንነትን ሓድነትን ምድልዳል: ንሓድነትን ክብርን ብልጽግናትን ህዝቢ ብሊን ኣዝዩ ዘገድስ ምዃኑ የብርህ።

2. ትምህርትን ምኽርን ንህዝቢ ብሊን፣

ስዉእ ሚካኤል ኣብ ሓፈሻዊ ኤርትራዊ መንነት ዝገበሮ ቃልስን ኣበርክቶታትን ንሰፊሕ ታሪኻዊ ምዝገባ ዝግደፍ ኰይኑ፣ እቲ ኣብዚ ብሓጺሩ ክጥቀስ ዝድለ: ንሱ ንህዝቢ ብሊን ኣመልኪቱ ብጽሑፍ ዝገደፎ ትምህርቲን ምኽርን ኢዩ። ነዚ ትምህርቲን ምኽርን: ኣብ ክልተ ጽሑፋት ኣሰፊርዎ ሓሊፉ። ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከም ዘሎ: እታ መጀበርያ ብ1971 ዘዳለዋ መጽናዕቲ: ንናይ ታሪኽ ቀዳማይ ዲግሪ ዝቐረበት ነይራ። እታ ካልኣይቲ መጽሓፉ ከኣ ሒደት ኣዋርሕ ቀቅድሚ መስዋእቱ እተጻሕፈት ኢያ።

ናይ 1971 መጽናዕቱ: ዓቢ ክፋል ናይ ህዝቢ ብሊን ዝኾኑ ደቂ ተርቀን ደቂ ጠውቀን (ጣዓ ቀኁር): ንታሪኻዊ መበቈሎም ባዕሎም ብከመይ ከም ዝገልጽዎ ኣብ ርእሲ ምሕባር: ህዝቢ ብሊን ብሓፈሻ ካብ 1849 ክሳዕ 1890 ኣብ ዝነበረ ጊዜ ክንደይ ናይ ስእነት ሰላም ጸገማት ከም ዘጋነፎም ትምህር። ብዘይካ'ዚ እውን ብዝሓለፈ ታሪኾም ኮነ ኣቃውማ ሕብረተሰቦም ብዕምቈት ክጽናዕ ዘለዎ ሕቶታት ከም ዘሎ ትጠቅስ። (ነዚ ድሒርና ብሓጺሩ ክንርእዮ ንኽእል።)

3. ብ1992 ንህዝቢ ብሊን ዘመሓላለፎ ምኽሪ፤

ቀቅድሚ መስዋእቱ ብትግርኛ ዘዳለዋ ጽሕፍቲ: ነታ ኣቐዲሙ ንመበቈል ህዝቢ ብሊን ብዝምልከት ብ1971 ዘቕረባ መጽናዕቲ ኣብ ገለ ሸነኻታ ተብርህን ተማዕብልን። ኣብ ርእሲ እዚ ግን ነቲ ሽዑ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ህዝቢ ብሊን ንካልኣይ ጊዜ ይግሃድ ንዝነበረ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዝሕግዝ ምኽሪ ተመሓላልፍ። ከምኡ ብምግባር ከኣ ንሓድነት ህዝቢ ብሊን ብፍላይ: ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብሓፈሻ ንምሕጋዝን ንምትብባዕን ዝዓለመ ትምህርቲን ለበዋን ኣመሓላሊፉ።

ነዚ ንምግባር: ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ኣተረጓጕማ ታሪኽ: ከምኡ ከኣ ኣብ ምዕባለ ሕብረተ-ሰባት ዓለም ተመርኲሱ: ዝሰፍሔ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ (ኣብ ከበሳ ዘሎ ይኹን ኣብ ባርካ) :ከምኡ'ውን ኣህዛብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ (ትግራዎትን ኣምሓራን): 80% ኩሻዊ መበቈል ዘለዎምን ብደም ካብ ህዝቢ ብሊን ከምዘይፍለዩን ኣስሚርሉ።

ከም ዝዝከር፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት ድሕሪ ምድኻማ፣ ከምኡ'ውን መግዛእቲ ኢትዮጵያ (ደርጊ) ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ናይ ፈላሊኻ-ግዛእ ፖሊሲታቱ ዝያዳ ከባልሖ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ብሌን ክሳዕ ድሕሪ ናጽነት ሃገር ዝቐጸለ ዘይመሰረታዊ ህልኻትን ፍልልያትን ተቐልቂሉ።

ስውእ ሚካኤል፡ ኑቲ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ብካድራት ጸላእን ብግሩሃት ደቂ ሃገርን ዝልዓል ዝነበረ ናይ ፍልልይ ጠንቅታትን ኣዕሚቑም ካብ ዝከታተሉን ኑቲ ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ጉድኣቱ ዝርድኡን ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኮነን። ካብዚ ብምንቃል ከኣ ኑቲ ጠንቂ ዘይመሰረታዊ ፍልልያት ንምእላይ ጽሑፋዊ ተበግሶ ንምውሳድ መዲቡ። ብ20 ግንቦት 1992 ነታ ዝሓሰባ ጽሕፍቲ ምስ መሰነይታ ደብዳቤ ገይሩ ንኣድራሻ ገዛይ (ንጅኔቭ) ልኢኸዋ። ግንከ ደብዳቤኡን ጽሕፍቱን ጌና ናባይ ከይበጽሐ ብ25 ግንቦት 1992 ክሳዕ ሕጂ ብዘይተጻረየ ሓደጋ መኪና ኣብ ከሰላ/ሱዳን ካብዛ ዓለም ተፈልዩ።

ኣርእስቲ ጽሕፍቱ « መበቈልን ሕብረተሰብኣዊ ርኽክብን ህዝቢ ብሌን » ትብል። ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከም ዘሎ፡ ብድሕሪ መስዋእቲ ምስ ገለ ኣሕዋተ ተሓባቢርና ኣሕቲምናያ። (ግዱሳት ኣንበብቲ ኣብ ዳበሪኮም ኣትዮም ክረኽቡዋ ይኽእሉ።) ምስ'ዚ ናይ ሎሚ ኮንፈረንስ ዝተኣሳሰር ትሕዝቶኣን ምኽራን ብከምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል፡-

<u>ብሊናር/ብሌንነት</u>
ስውእ ሚካኤል፡ ህዝቢ ቢሊን ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ማእከላይ ቦታ ከም ዘለዎ ይኣምን ነይሩ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ሓድነት እንዳታት ብሊን ምድልዳል፡ ኣበርክቶኦም ኣብ ህላዌን ክብርን ኤርትራ ከም ዝዓቢ ይፈልጥ ነይሩ። ከመይ ውሽጣዊ ሓድነት ዘይብላ ስድራ ትኹን እንዳ ወይ ቀቢላ ወይ ብሄር፡ ንርእሳ ተጕዲኣን ተዳኺማን ንሃገር ወይ ንኻልእ ኣካል ሕብረተሰብ ክትሕግዝ ከምዘይትኽእል ርዱእ ስለዝኾነ።

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ታ ብትግርኛ እተዳለወት ጽሕፍቲ ስውእ ሚካኤል እንብኣር፡ ንኣካሉ ዝኾነ ህዝቢ ብሊን፡ ትርጉም ናይ ብሌንነት/ብሊናር ንምምሃር ኢዩ። ንሱ ከኣ ብለናይ ምኻን ብቐንዱ ኣብ ደምን ዝምድናን እተመርኰሰ ኣይኮነን ኢሉ ይድምድሞ። ንኣብነት ኣብ ገጽ 48 ናይ'ታ ሓጻር ጽሕፍቱ ከምዚ ይብል፡- <u>« ሓደ ህዝቢ ወይ ሕብረተሰብ ዝልለየሉ፡ ብኢኮኖሚያዊ መነባብሮኡ፡ብስእለ-ምድራዊ ከሉ፡ ብዘኽብሮም ባህላዊ ጠባያቱን፡ ልምድታቱን፡ ሕግታቱን ኢዩ። በዚ ወገን እዚ እንተተዓዘብና እንብኣር ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ብሊን ዝኾነ ይኹን ፍልልይ የልቦን »።</u>

ዝኾነ ናይ ስነ-መበቀል ኣህዛብ መጽናዕትታት ከኣ ከምዚ ናይ ሚካኤል ኣገላልጻ ገይሩ ኢዩ ዝድምድም። ካልእ መግለጺ የልቦን።

ካብዚ ብምንቃል፡ ስዉእ ሚካኤል ንጹር ምኽሩ ክልግስ እንከሎ «መንነት ብሊን ኣብዚ እተባህለ ኩነት ዝምርኰስ ብምኳኑ» ድሕሪ ምባል «ዝኾነ ናይ ገለ ጊዜያት ናይ ስምዒታውያን ምልዕዓላት ገዲፍካና ብሓድነት ንህላዌ ባህልናን መሰልናን ክንከላኸል ይግባእ። እዚ ድማ ብዓቢኡ ንህላዌን ክብርን ሃገርና ይከላኸል ማለት ኢዩ» ብምባል ምኽሪ ጥራይ ዘይኮነ ጸውዒት እውን ኢዩ ኣቕሪቡ። ደጊመ ከስምረሉ፡ ቃላት ሚካኤል ምስዚ ናይ ሎሚ ኮንፈረንስ ዓቢ ዝምድና ኣለዎ። ካብ ኣዝዩ ጸቢብ ፍልልያት ወጺእና ብሓድነት ንህላዌናን መሰልናን ጥቕምናን ዝጠመተ ስራሓት ክነካይድ ይግባእ ኢሉ። እዚ ብማሓበር ሽወዴንን፡ ብመርበባ ዳበሪን ደባንማን፡ ክልተ ግዛውቲ ፓልቶካትን ሬድዮ ብሊናን ወዘተ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ብመላእ ሕብረተሰብ ክድገፍን ክድረኸሉን ካብ ዘሎዎ መደባት ኢዩ።

4. <u>ንመጻኢ ክግበር ካብ ዘለዎ ደቂቕ መጽናዕትታት</u>

ስዉእ ሚካኤል ጋብር ብመጽናዕቱ ኣብ እተደገፈ ሓቅታት ዝኣምን ሃገራዊ ነይሩ። ምእንትዚ ኢዩ ከኣ መጀመርያ፡ ኣብ ብሂል ንእተመርኰሰ ታሪኽ ናይ ዓቢ ክፋል ህዝቢ ብሊን ክምዝግብ እተበገሰ። ነዚ በታ ብ1971 ዘቕረባ ጽሕፍቲ ብክፌል ክም ዝጠቐሶ ይኣምን ነይሩ። ኣብ ናይ 1992 ጽሕፍቱ ከኣ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝሃቦ ምኽሪ፡ ብስነ-ፍልጠትን ታሪኽን እተደገፈ ዝምድናታት ኣህዛብ ኣብሪሁ። ኰይኑ ግን ክልቲኡ ጽሑፋቱ ጌና ክጻፈፍን ዝያዳ መጽናዕቲ ክግበረሉን ዝግባእ ምዃኑ ጠቒሱ ኣሎ።

ንባህላዊ ይኹን ንስነ-ፍልጠታዊ ታሪኽ መበቈልን ያታን ክፍልታት ህዝቢ ብሊን ቤት ተርቀን ቤት ጠውቀን (ማዓቁር)፡ ጀንገረንን፡ እቶም ካብ ሓምሳታት ናይ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሮም ብ12 ነገድ ክስመዩ ዝጀመሩ እተፈላለየ መበቈል ዘለዎም ዓሌታት ህዝቢ ብሊንን ካልኦት ኣገደስቲ ቀቢላታትን ማይቤታትን ብሊን፡ ብቐጻሊ መጽናዕትታት ክካየደሎም ኣድላይነት ከም ዘለዎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ድልየት ስዉእ ሚካኤል ጋብር ከኣ ንሱ ነይሩ፤ ግንከ፡ ጊዜን ኩነታትን ስለዘይሓገዞ ክይፈጸሞ ኣብ ከባቢ 52 ዕድሚኡ ሓሊፉ።

ካብቲ ስዉእ ሚካኤል ዝሓቶ ዝነበረ ንኣፍልጦና ንምስፋሕ ክምለሽ ወይ ክጽናዕ ዘለዎ ሕቶታት ኣሎ።

1. ንኣብነት ከምቲ ብሂል ዘቕርቦ፡ ዓበይቲ ክፋላት ህዝቢ ብሊን ካብ ማእከላይ ጕቦታት ኢትዮጵያ ንሰሜናዊ ኤርትራ ዲዮም መጺኦም ወይስ ብቐደሞም ኣብቲ ዘለዉዎ ከባቢ ንኣሽሓት ዓመታት ዝነብሩ ካብ ዝነበሩ ኣህዛብ ኢዮም? ታሪኽ ናይቶም ብለሚ (Blemyes) ዝብሃሉዝነበሩ ህዝቢኸ ምስ ናይ ሎሚ ብሊን እንታይ ናይ ታሪኽ ወይ ናይ ስም ርክብ ነይሩዎም ይኸውን?
2. ገለ ጽሓፍቲ ታሪኽ፡ ብሊን ቅድሚ 1000 ዓመት ኢዮም ኣብቲ ሕጂ ዘለዉዎ ሰፊሮም ይብሉ፤ ገለ ከኣ ቅድሚ 700 ዓመት እባ ይብሉ። ካልኦት ከኣ ቅድሚ 500 ዓመት ኢዮም መጺኦም ይብሉ። ኣብ ኩሉ እዚ እተጠቕሰ ዘመናት፡ ካብ ማእከላይ ክፍልታት

ኢትዮጵያ ናብቶም ኣብ ከባቢ ከረን ዝነበሩ ብሊን ይሕወሱ ነይሮም ዝብሉ እውን ኣለዉ። ኣብ ሓቂ ዝቐረበ ኣየናይ ዘመን ይኸውን? ዓበይቲ ክፋላት ዝብቢ ብሊን ብደቡባዊ ሸነኽ ኣቢሎም ድዮም መጺኦም፡ ወይስ (ከምቲ ሓው ኣድሓና መንግስቱ እውን ዝጠቐሶ) ብሽማጃና ኣቢሎም መጺኦም? ወዘተ.... ሕቶታት ኣሎ።

3. ኩሎም ክፋላት ህዝቢ ብሊን፡ ካብ ማእከላይ ቦታታት ኢትዮጵያን ካብ ከበሳታት ናይ ሎሚ ኤርትራን ናብ ዘለውዎ መሬት ክመጹ ከለዉ ክልተ ሰለስተ ኰይኖም ድዮም መጺኦም ወይስ እኩባት ሰባት ኰይኖም? ካብ ከበሳታት ኤርትራ ንመሬት ሰንሒት ድሒሮም ዝወረዱ ዓሌታት (ሎሚ ኣካል ህዝቢ ብሊን) መዓስን ከመይን መጺኦም ይኾኑ? እቲ ኣብ መሬት ባርካ ይኹን ምድሪ ብሊን ዝነበረ ናይ ትግረን ሽማግለን ኣከፋፍላ ምንጩ እንታይ ነይሩ? መዓስ ተጀሚሩ፣ ክሳዕ መዓስከ ቀጺሉ? ኣብ ናይ ሎሚ ህዝቢ ብሊ ከመይ ይጸሉ ኣሎ? ነቲ ኣሉታዊ ጽልዋታት ንምፍዋስከ ኣብ ወጻኢ (ዲያፖራ) ዝርከብ ንቑሕ ኣካል ህዝቢ ብሊን እንታይ ክገብር ይኽእል?

እዚ ኣብ ሓደ ኮንፈረንስ ክልዓልን ክውዳእን ዝከኣል ኣይኮነን። ኰይኑ ግን ንብድሕሪ ሕጂ ከም ሓደ ህዝቢ ከነጽንዖን፡ንዘሰዕቦ ኣሉታዊ ጸገማት መዕለቢ ክንደልየሉ ዝግባእ ምዃኑን ርዱእ ኢዩ። ከምኡ ምስ እንገብር ከኣ ድልየትን ምኽርን ሕውና ስዉእ ሚካልኤል ጋብር ሰማዒ እዝኒ ረኺቡ ንምባል ክከኣል ኢዩ።

እስቶክሆልም